
Oslo

Bydel Søndre Nordstrand

# Stafettloggen



Tigrinja

## ስታፈትሎግ(Stafettlogg) - ዝበሃል  እንታይ ማለት እዩ፧

ስታፈትሎግ **ሓባራዊ ስራሕ ዝካየደሉ ኣለክትሮኒካዊ ናውቲ( digitalt samhandlingsverktøy)** ኮይኑ፡ዝተፈላለዩ ኣገልግሎታት ንዓኻ/ንውላድካ ንምሕጋዝ ክተሓባበሩ ከለዉ እንታይ ይግበር ከምዘሎ ንምፍላጥ ዘቃልለልካ እዩ።

## ስታፈትሎግን ንምንታይ ኢና ንጥቀመሉ፧

ኣብ መንጎ ገዛን መዋእለ-ህጻናትን/ቤት-ትምህርትን ንዝካየድ ምትሕብባር ወይ ድማ ከም ተወሳኺ ምስ ካልኦት ሞየኛታት ክትተሓባበሩ ከለኹም ንኺቃልለልኩም እዩ ስታፈትሎግን እጃሙ ዘበርክት። ኣብ ስታፈትሎግን ኣየኖት ብድሆታት ንምፍታሕ ብሓባር ትሰርሑ ከምዘለኹምን እንታይ ዓይነት ሓገዛት ክግበር ከምዝተሰማማዕኩምን ሓበሬታ ኣሎ። ነፍስ ወከፍ ሓገዝ ድማ ሓላፍነት ዝስከመሉ ሰብ ኣሎዎ፡ ከምኡውን እቲ ሓገዝ ከመይ ከምዝኸደ ክግምገመሉ ዘለዎ ገደብ ግዜ ውን ኣሎዎ።

## ስታፈትሎግን ከመይ ይመስል፧

ስታፈትሎግን **ፍቓድኩም** ሂብኩም ስታፈትሎግ ንደልዮ ኢና ምስ በልኩም እዩ ዝኽፈት። እታ ስድራቤት/እቲ ዝምልከቶ ሰብ እዩ ንስታፈትሎግን ዝውንኖን መን ክኣቱ ከምዝኽእል ዝውስንን። ስታፈትሎግን ንምእታው ብኢንተርነት ሎግ-ኢን ጌርካ ክትኣቱ ኣለካ። ኩሎም ዝኣትዉ ብናቶም ባንክ ኣይዲ(Bank-ID) ወይ መረጋገጺ መንነት ባንክ እዮም ዝኣትዉ።

እዚ ስታፈትሎግን ምሳኹም ብምርኻብን ምስተን ዝምልከተን ኣገልግሎታት ብምትሕብባርን ኢና ነዳልዎ። ካብዘን ኣገልግሎታት ድማ እቲ ምስቲ ቆልዓ/ተማሃራይ/መንእሰይ ብቐጻሊ ዝራኸብን ዝቐረበ ርክብን ዘለዎ ሞየኛ «ስታፈትሆልደር (**stafettholder**)» ዝበሃል ተራ ይወሃቦ። ስታፈትሆልደር ክበሃል ከሎ እቲ ምሳኹም ብቐጻሊ ዝራኸብ ሰብ፡ ነቲ ምትሕብባር ዘወሃህዶን ኣብ ስታፈትሎግን ዝጽሕፍን ሰብ እዩ። እቲ ስታፈትሆልደር ዝበሃል ተራ ዘለዎ ሰብ ብስታፈትሎግ ንምትሕብባር ዝካየዱ ርክባትን ኣኼባታትን ይጽውዓኩም፡ ከምኡውን ኣብቲ ርክባት እቲ ዝተሰማማዕኩምሉ ዘበለ ኣብ ስታፈትሎግ ይጽሕፎ።

## ሕቶታት

ብዛዕባ ስታፈትሎግን ዝኾነ ሕቶ ምስ ዝህልወካ ምስ መዋእለ-ህጻናትኩም ወይ ቤት-ትምህርትኹም፡ ወይ ድማ ካብ ኣገልግሎት ምምሕዳር ከባቢኹም ንሓዲኦም ከይተሰከፍካ ተወኪስካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ብዛዕባ ስታፈትሎግን ዝያዳ ኣብዚ ውን ከተንብብ ትኽእል ኢኻ www.oslo.kommune.no/bti

https://**stafettloggen**.conexus.no/Account/Index